# ንስኻ፡ኣነ፡ ኩልና ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ኢና።

እዚ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ኮርሳትን ንጥፈታትን የቕርብ እዩ። ንስኻትኩም ካብ 6 ክሳብ 19 ዓመት ዝዕድሚኹም መንእሰያት ደርፊ፡ ሳዕስዒት፡ ፊልም ምስራሕ፡ ስእላዊ ስነ-ጥበብ፡ ሴራሚክስ፡ ሰርከስ፡ ትያትር ምጽዋት ወይ መሳርሒ ሙዚቃን ካልእን ብዙሕ ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ዕላማና ትርጉም ዘለዎ ናጻ ግዜ ንኽህልወካ እዩ።

**ንሕና ካብ ህጻናትን መንእሰያትን ኢና ንጅምር**
እቲ ርኡይ መበገሲ ቤት ትምህርቲ ባህሊ ብህጻናትን መንእሰያትን እዩ። ኣብ ስነ-ጥበባውን ትምህርታውን ንጥፈታትና፡ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ካብቲ ኩሎም ህጻናትን መንእሰያትን ናይ ባህሊ መሰል ከም ዘለዎም ዝገልጽ ውዕል መሰላት ህጻናት ዓንቀጽ 31 ኢና እንበገስ።

"እዘን ብውዕል ዝጣመራ ሃገራት፡ ነቲ ህጻን ኣብ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ህይወት ምሉእ ብምሉእ ናይ ምስታፍ መሰሉ ከኽብራን ከስፋሕፍሓን ኣለወን፡፡ ንባህላውን ስነ-ጥበባውን ንጥፈታት ከምኡ'ውን ንመዘናግዕን ካልእ ንጥፈታት ግቡእን ማዕረ ዕድላት ንኽህሉን የተባብዓን።"
ካብቲ ኣብ ኮሙን ዘሎ ፖለቲካዊ ዕላማታት እውን ንጅምር ንኽእል፡ እዚ ማለት ድማ ህጻናትን መንእሰያትን ባህላዊ ተመኩሮታት ከማዕብሉ ዕድል ክወሃቦምን ናይ ፈጠራ ዓቕሞም ከዕብዩ ክፍቀደሎም ይግባእ። እቲ ባህላዊ ቤትትምህርቲ ህጻናትን መንእሰያትን ስነጥበብን ባህልን ክመሃሩን ክረኽቡን ክገልጹን ክግብር ይደሊ!

**ባህላዊ ቤት ትምህርቲ፡**
- ካብ 6-19 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን መንእሰያትን ዝተፈላለየ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መግለጺታት ዘለዎ ስነ-ጥበባውን ትምህርታውን ንጥፈት ምቕራብ፣
- ክልቲኡ ስፍሓትን ዕምቆትን ዘለዎ ልዑል ጽሬት ዘለዎ ንጥፈት ምቕራብ፣
- እቲ ጉዳይ ብኣገባብ ስራሕን ቅርጽን ተዓጻጻፊ ኣብ ዝኾነሉ ህጹጽ ቅድመ-ምድላው ምቕራብ፣
- ብቐንዱ ኣብ ናይ ህጻናትን መንእሰያትን ናጻ ግዜ ንጥፈታቶም ዘካይዱሉን ትርጉም ዘለዎ ናጻ ግዜ ንኽህልዎም ኣበርክቶ ይገብሩን፣
- ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ምቕራጽ ዘጠዓዓም ንጥፈት ክሳተፉ ምግባር
- ካብ ኩሉ ከባቢታት ከተማ ዮተቦሪ ዝመጹ ህጻናትን መንእሰያትን ዝራኸብሉ ስነ-ጥበባዊ፡ ውልቃውን ማሕበራውን ምዕባለ ዘርእይሉ ቦታ ክኸውን፣
- ንኹሎም ካብ 6-19 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን መንእሰያትን ዝቐርብ ተመጣጣኒ ንጥፈት ምቕራብን ትርጉም ዘለዎ ናጻ ግዜ ኣበርክቶ ዝገብርን።

Kultur skolan

**ዛዕባትናን ኮርሳታትናን**
እቲ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ እተፈላለየ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ጉዳያት እተፈላለየ ኮርስታትን ንጥፈታትን ኣለዎ። ካብ 6 ክሳብ 19 ዓመት ዕድመ እንተድኣ ኼንካ ኣብ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ንዝርከብ ኵሉ ዓይነት ትምህርቲ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ ።

**ኣርእስትታት**

ምስልን
ቅርጽን
ሰርከስ
ሳዕስዒት
ድራማን ትያትርን
ሙዚቃን
ስእልን
ፊልምን
ሙዚቃ

ካብ 13 ክሳብ 19 ዓመት ንዘሎካ ስነ-ጥበባውን ዕብየት ምህዞን

**ኮርሳትን ንጥፈታትን**
እዚ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ሓጺርን ነዊሕን ኮርሳት ይህብ። ገሊኡ ኣብ እተወሰነ ኣጋጣሚታት ክፍጸም ከሎ ገሊኡ ግን ንሓደ ዓመት ዚቕጽል እዩ። መብዛሕትኡ ንጥፈታት ብናጻ ገሊኡ ካኣ ሒደት ክፍሊት ኣለዎ ።
ኣብ ገሊኡ መዳያት እቲ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ኵሉ ኣብያተ-ትምህርቲ ቦታታት ስለ ዘይብሉ ካብቲ እትመሃሮ ቤት ትምህርቲ ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ኣሎካ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ መደብ ትምህርቲ ክጅመር ከሎ ምስ መምህር ብምምኽኻር እዩ ዚውሰን ።
እቶም ክትመሃሮን እትግደሰሎም ኮርሳት ክትምዝገብ ትኽእሉ ኢኻ። ዋላ መጀመርታኻ ይኹን ወይ ኣቐዲምካ ፍልጠት ዘሎካ ኹን ብዘየገድስ ምስ ደረጃኻ ዝመጣጠን ግሩፕ ወይ ጉጅለ ክትምደብ ኢኻ፡፡ ኣብ እዋን በዓላት ንጥፈታት ንገብር ኢና፡ ከምኡውን ምሉእ ዓመት ዝኸይድ ክፉት ንጥፈታት ነካይድ ኢና ስለዚ መጺእካ ክትፍትንን  እንታይ ከም እትደሊ ክትርእን ትኽእል ኢኻ። ነዚ ንምግባር ክትምዝገብ ኣየድልየካን እዩ።

ኣስተምህሮ
ቤት ትምህርቲ ባህሊ ኣብ ድሌትን ድሌታትን ተሳተፍትና ዝተመርኮሰ ኮይኑ ብውልቂ ዝተመጣጠነ ንጥፈት የቕርብ። እቲ ትምህርቲ ብዓበይትን ንኣሽቱን ጉጅለታት ዝካየድ ኮይኑ ብቋንቋ ሽወደን ዝካየድ እዩ።

መምህራን ቤት ትምህርቲ ባህሊ ኣብ ትምህርቶም ጽኑዕ ስልጠና ኣለዎም። ብዙሓት ካብኣቶም እውን ምርኢት ዘቕርቡ ስነጥበባውያን እዮም። መምህራንና ሞያውያንን ንጠለባት ተሳተፍቲ ዓቢ ትኹረት ዝህቡን እዮም።

## ነቶም ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ወይ ስንክልና ዘለዎም

ንዓኻ ስንክልና ዘለካ ምስ ኩነታትካ ዝሳማማዕ ኮርስታት ክቕረበልካ እዩ፡፡ ብእተኻእለ መጠን ኣብ ኩነታትካን ኣብ ዘድልየካ ነገራትን ተመርኲስና ምትዕርራይ ንገብር ኢና ። ምሉእ ብምሉእ በይንኻ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ፡ ኣለይትኻ ወይ ኣሰነይትኻ ክሳተፉሉ ዝኽእሉ ኮርሳት እውን ኣለው። እንተ ደሊኻ ኣለይትኻ ወይ ኣሰነይትኻ ኣብቲ መምሃሪ ክፍሊ ኣትዮም ክከታተሉ ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚ ኻኣ ምስቲ መምህር ብምምኽኻር ዝግበር እዩ።

እቲ ዕላማ እተገብረሉን እተለምደሉን ስፍሓት ኣብቲ ዝርዝር ኮርስና ክርከብ ይከኣል እዩ። እቲ ክትረኽቦ እትኽእል ኮርሳት ኣብቲ ንስኻ ትቕመጠሉ ቦታ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ናይታ ከተማ ክዋሃብ ይካኣል እዩ። እቲ ክትወስዶ እትደሊ ኮርስ ኣብቲ ንስኻ እትነብረሉ ከባቢ ዘይርከብ እንተ ዀይኑ ናብ ካልእ ቦታ ከተመልከት ትኽእል ኢኻ ።

ንዓኻ ዝበቕዕ ኮርስ እንታይ ምዃኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኰንካ ንስኻን ስድራ ቤትካን ምስ ሓደ ቅኑዕ መገዲ ንኽትረክብ ክሕግዘካ ዚኽእል ናይ ባህሊ ቤት ትምህርትና ሓገዝቲ ክትራኽብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ "ንስኻ ምስ ስንክልና ትነብር" ዝያዳ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ ኣብዚ ኣቲኻ ከተንብብ ትኽእል፡ goteborg.se/kulturskolan

## ርከብን ማሕበራዊ መራኸብን

እዚ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከተማ ዮተቦሪ ኣብ ኣርባዕተ ጂኦግራፍያዊ ቦታታት ተኸፋፊሉ ዘካይዶ ንጥፈታት ኣለዎ፡ ማለት ኣብ ሰንትሩም፡ ሂሲንገን፡ ሰሜናዊ ምብራቕን ደቡባዊ ምዕራብን እዩ። ኣብቲ እትነብረሉ ጂኦግራፍያዊ ቦታ ንዘርከብ ሰብ ብምድዋል ወይ ኢ-መይል ብምልኣኽ ምስ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ክትራኽብ ቀሊል እዩ። ኩሉ ኣድራሻታት ኣብ goteborg.se/kulturskolan ክርከብ ይከኣል እዩ
ኣብ ከም እኒ ፌስቡክን ኢንስታግራምን ዝኣመሰለ ማሕበራዊ መራኸቢታትና ኽትስዕበና ንሕብረካ።

Facebook @kulturskolanigoteborg
Instagram @kulturskolangoteborg